# መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



*ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን*

*ተሳተፍቲን ዕዱማትን*

በዚ ናይ ሎሚ ኣጋጣሚ፡ ዝ`ኽሪ 27 ናጽነት፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዮሃና!

ን`ኹሎም ኣብ ምውዳብን ምምዕራግን'ዚ በዓል ዝደ`ኸሙ ከኣ፡ ምስጋና።

ዓመት ሓለፈ፡ ዓመት መጸ፡ ርዝነትን ክብሪን፡ ሓርነትን ናጽነትን እናዕእዘዘ፡ ትርጉም ልዑላዊነት ከኣ እናተ`ኹልዐ ምምጽኡ፡ ዕግበት የትርፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጽንዓት'ውን ዝድርዕ'ዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ፡ "ራእይ ብዕዮ እዩ"። ድሌት ሓርነትን ናጽነትን ሰባት ከም ራእይ፡ ናይ ባህሪ ሕጊን መሰልን'ዩ። ናጻ ሃገር ምህናጽ፡ ማለት . . . ብቑጠባ ርህውቲ፡ ካብ ልምዓት-ናብ-ዝበረ`ኸ ልምዓት ትግስግስ፡ ቅሳነትን ርግኣትን ዝሰፈና፡ ኣብ ህዱእ ናይ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ጕደቦ ትነብር፡ ውህድቲ ናይ ዜግነት ሃገር ምህናጽ፡ ሰናይ ባዕላዊ ድሌት ጥራይ ዘይኮነ፡ ክቡር ዋጋን ዕድልን ዝተ`ኸፍሎ ሕድሪ'ዩ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ራእይን መሰልን ሓርነት፡ ብጕንፃ (favor) ወይ ምጽወታ ዘይኮነ፡ ንኣስታት 50 ዓመታት፡ ብመዘና ዘይርከቦ ስራሕን መስዋእቲን'ዩ ክዉን ኰይኑ። ጸወን (protection) ናጽነትን ልዑላዊነትን፡ ወይ ራእይ ሃገራዊ ድሕነት ከም ክዉን ንምርግጋጽ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ኩሉ ዓይነት ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ሸርሒታት፡ ጸጥታዊ ምፍትታን፡ ቁጠባዊ ሸርሒታት . . .

ንምምካት ዝተፈጸመ ስራሕን መስዋእቲን፡ ዳግማይ ምስክርነት፡ ራእይ ብስራሕ'ዩ ነይሩ።

*ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን*

ክዉን ታሪኽ ከምዝመሃረና፡ ዓለማዊን ዞባዊን ኣጀንዳታት፡ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዕዞና መጠናዊ ጽልዋ ዘለዎም ረቛሒታት'ዮም። እዚ ሎሚ ብዓለም ደረጃን፡ ኣብ ዞባናን፡ ኪርበጽ ንርእዮ ዘሎና ምዕባሌታት፡ ንመጻኢ ጉዕዞና ኣመታት ስለዘለዎ፡ ብዕቱብ ክንከታተሎን ክንርድኦን፡ ብኡ'ቢሉ ከኣ፡ ኣብ መጻኢ መደባትና ኪህልዎ ዝኽእል መጠን ጽልዋ ክንግምግምን ግቡእ'ዩ።

ካብ ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ክሳብ ናጽነትና ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን፡ ከም "ዘመነ-ዝሑል ኩናት" ዝፍለጥ ክልተ-ቐጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት'ዩ ነይሩ። ናይ ሰዓት-ሰዓት ዝርዝራቱ፡ ኣብ መዛግብትና ኣሎ። ክልተ-ቐጽራዊ ስርዓት ኣብቂዑ ኣብ ዝተባህለሉ-ወዝቢ ምስ ዓመተ ሓርነትና ዝተጋጠመ - መዋእል እንኮ-ቐጽራዊ ስርዓት ተራሕዩ ተባሂሉ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ዝተራእየ ሃለኽለኽን፡ ዘኸተሎ ዕንወትን፡ ናይ ትማሊ ድብቱር ዛንታ'ዩ። እዚ ዝተባህለ "እንኮ-ቐጽራዊ" ዓለማዊ ስርዓት፡ ከምቲ ዝተነበዩሉ ዘይኮነ፡ ዕምሩ ናብ ምሕጻር፤ ዘሎናዮ ርቡጽ ኩነታት ከኣ፡ ዕላመታት (symptoms) ናይ ምስግጋር መድረኽ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ናበይ ዝወስድ መሰጋገሪ መድረኽ? ክንደይ'ከ ይወስድ ይኸውን? ናብ ብዙሕ-ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ዝብሉ ኣለዉ። ናይ መነመን፡ ብዙሓት? ኣመሪካ? ቻይና? ሩስያ? ህንዲ? ኤውሮጳ? እንታይ ዝመስል ምጽ'ንባር (combinations) ወይ ዝንቕ-ሚዛን ክህልዎ ይኽእል? በየናይ ስርዓተ-ክብሪታት (value system) ዝግዛእ? ንዞባና'ኸ ብኸመይ ኪጸልዎ ይኽእል?. . . ብዙሓት ሕቶታት ዘበጋግስ'ዩ።

ንርዱእ ምኽንያታት፡ ናይ ክልተ-ቐጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ናፍቖት ኪህልወና ኣይክእልን፤ ከቢድ መስዋእቲ ከፊልና ስለዝሰገርናዮ። ነዚ ናይ ትማሊ፡ ንእንኮ-ቐጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ዝጠፍእ ፍቕሪ'ውን ኪህልወና ኣይክእልን፤ ልዑላዊነትና ዝተደፍረሉን፡ ናይ ሸጠፍ ዘይሕጋዊ እገዳ ዝተሰገደደሉን ስለዝኾነ። ናይ ብዙሕ-ቐጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ሃንቀውታ ነሕድረሉ ምኽንያት'ውን የብልናን። ክልተ-ቐጽራዊ ይኹን፡ እንኮ-ቐጽራዊ፡ ወይ ብዙሕ-ቐጽራዊ፡ ናይ ቀጽርታት ፍቕዲ ዘይኮነ ዘገድስ፤ ካብ ስሱዕ፡

ግዝኣተ-ሜካ ውሑዳት ገበትቲ ወጻኢ፤ ልዑላዊነትን ፍትሒን ዝኸብረሉ ስርዓት ኪኸውን፡ ናይ ኩሉ ህዝቢታት ዓለም ሕርያ'ዩ።

"ሓያላን ዓለም" ዝበሃሉን፡ ናይ ዞባና "ጎብለላት ኢና" በሃልቲን ሓንከርቲን፡ . . . መጋበርያታቶምን፤ በብዝመሰሎም ኣጀንዳታትን ጸወታን፤ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 75 ዓመታት ዝፈጠሩልና ብድሆታት፡ ኣብ ዝኸሪታትና ስለዘሎ፡ ናይ መጻኢ ሲናርዮታት ዝተፈላለየ ድብልቕ ወይ ምጽን'ባር ኣጀንዳታት፡ ብጥንቃቐ ተገንዚብና፤ ናይ ጉዕዞና መርሓ-ጉደናታት ክንቅይስ ግቡእ'ዩ። ኣብ ኩሉ ተኽእሎታት ግን፡ ኣእዳውና ኣጣሚርና ክንዕዘብ ዘይኮነ፤ ብዘይ ዘውጊ (bias) ብንጥፈት ክንዋሳእ ድሉውነትና ምሕያል ኣብ ቦትኡ ኪህሉ'ዩ።

### *ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን*

ዓለማዊን ዞባዊን ምዕባለታት፡ መጠናቶም ብዘየገድስ፤ ኣብ ጉዕዞና ዝህልዎም ጽልዋታት ዘይከሓድ'ኳ እንተኾነ፡ ቀንዲን ወሳኒን፡ ዘቤታዊ ምዕባለታትን ሓይሉን'ዩ። ከምቲ ናይ ቃልሲ ሓርነት ቅያ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ነቲ ሩፍታ ዘይህብ ተጻብኦታት፡ ብዓቕሊን ጽንዓትን ሓያል መኸተን ገጢምና ስለዘይተጸዓድና፡ ኩሉ ዕላመት ተጻብኦታት፡ ናብ ጽዑቕ-ክንክን ወይ ምሕላቕ ገጹ'ዩ ዘእንፍት። ከምኡ ስለዝኾነ፤ ንመጻኢ ጉዕዞና ተኽሲቱ ዘሎ ዕድላት ዓቢ እዩ። ልምዓታዊ መኸተና፡ ብዝዓበየ ጉልበትን ዝያዳ ናህሪን፡ ደርማስ ፕሮግራማት ከነተግብር ምእንቲ እምበኣር፤ በእምሮን ብኣካልን ክንዳሎ፡ ግድነት እምበር ሕርያ ኣይኮነን።

### *ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን*

ምስ ውሁብ ኩነታትን ዕድላትን፡ ሒዝናዮም ዝጸናሕና ፕሮግራማትን ፕሮጀክትታትን፡ ንዝበለጸ ተተግባራዊነት፡ ክለሳን ምጽዕዳውን ዘድልዮም'ኳ እንተኾኑ፤ ሓፈሻዊ ኣስተዋጽኦኦም (summary)፡ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ፦

- ዘኒቡ ዝውሕዝ ማይ፡ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ቁጽጽር ናይ ምእታው እስትራተጂ፡ ብምዕሩይ ዝርግሐ፡ በብመድረኽ እናተተግበረ፡ ንልዑል (optimum) ኣጠቓቕማ ጸጋ ማይን መሬትን ክሊማን፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ብምትእትታው፡ ኣብ ዝተፈላለየ ምድባት ሕርሻ፡ ምህርቲ ብዓይነትን ዓቐንን ምኽዕባት፤

- ኣብ ባሕራዊ ጸጋታት፡ ብተመሳሳሊ እስትራተጂ፡ ዘቤታዊ ናይ ምምራት ብቕዓት (capacity) ንምንዳቕ ዘበግስ መሰረታት ምንጻፍ፤
- ንርዱእ እስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ፡ ናብ ምስናዕን ኢንዱስትሪያዊነትን ብፍጥነት ንምግስጋስ፡ ካብ ዘሎ ትሑትን ድኹምን፡ ቀረብን ኣገልግሎትን ኤለትሪክ ወጺእና፡ ዝተፈላለዩ ጽላታዊ ፕሮግራማትና ንምሕያል፡ ተቐዩሱ ዝጸንሐ ዝንቕ ዝተፈላለየ መመንጨዊ (ረስናዊ፡ ጸሓያዊ፡ ንፋሳዊ፡ . . . ካልእ) ሕርያታት ብምድዩላዊ (modular) ኣከፋፍላኡ ንምትግባር፡ ወፍሪን ጻዕሪን ምዝያድ፤
- ትሕተ-ቕርጻዊ ፕሮግራማት (ጽርግያታት፡ ወደባት/ ማርሳታት፡ መዓልቦ . . . እንተላይ ጉሰስ ንዝብል ዘሎ ፕሮጀክትታት መንበሪ ኣባይቲ) በድማዕነት ንምትግባር፡ ኣብ ምድላብ ዘቤታዊ ጸጋታትን ዓቕሚን ወፍሪ ምዝያድ፤
- ህዝባዊ መጓዓዝያ፡ ብዓይነትን ዓቐንን ምዕባይ፤
- ጀሚሩ ኣብ መስርሕ ትግባረ ዘሎ፡ ፊስካላዊን ገንዘባዊን ዳግመ-ውቀራ (restructuring) ብዝሓየለ ዓይነታዊ ምሕደራ ከምዝምዕብል ምድራኽ፤
- ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒታት ምምሕዳራት ዝጸንሐ፡ ድኻማትን ብከላን፡ ንምሕያልን ንምጽራይን፡ ተበጊሱ ዝጸንሐ ምትዕርራይ፡ ዳግም ከሊስካ፡ ምሕደራ ምሕሳን፤
- ብፍሉይ ኣቓልቦን ልዕሊ ኩሉን፡ ጸጋ-ሰብናን ኣራባሕነቱን ንምዕባይ፡ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ብካሪክሉምን ደገፋትን፡ መምህራንን/ ኣሰልጠንቲን፡ ትሕተ-ቕርጺን ካልእ ኣገዳሲ መሳለጥያታትን ንምሕያል፡ ጥሙር (integrated) ወፍሪ ምኽዕባት፤
- ኣብ ኩሎም መደባት ልምዓታዊ መኸተ፡ ኣብ ወጻኢ ናይ ዝነብሩ ኤርትራውያን ሱታፌን ኣበርክቶን ንምዕባይ፡ ተነዲፎም ዝጸንሑን፡ ከምቲ ዝድለ ዘይገስገሱን ፕሮግራማት ከሊስካ፡ ውጥን-ትግባረ ምንዳፍ . . . ቀንዲ ቀዳምነታት ናይ'ዚ ዝመጽእ 3/5 ዓመታት'ዮም።

ደጊመ፡ ራእይና ንምጭባጥ ኣይክንሰንፍን ኢና እናበልኩ፤
ምስ ሰናይ ምንዮት ጥሉል ክራማት፤
ነባሪ ዝኽሪ፡ ነቶም ብኣርኣያነቶም ዝመሃሩናን ዘጽንዑናን ጀጋኑ ሰማእታት!

ዓወት ንሓፋሽ!